ማሕበር መናእሰይ ትግራይ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጉንበት 23, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 6, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 6, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ግልፂ ጨረታ

ማሕበር መናእሰይ ትግራይ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ናብዚ ክትወዳደሩ እትደልዩ ሕጋውያን ነጋዶ ነዚ ዝስዕብ ረቋሒ እተማልኡ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

1. ሕጋዊ ንግዲ ክማላእ ዝግበኦ ፍቃድ ዘለኩም ናይዚ ዘመን ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድን ዘይምለስ ፎቶኮፒን ዘቅርብ።

2. ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቑፅሪ/ቲን ናምበር ዘለዎ ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ዘቅርብ።

3. ቫት ወይ ቲኦቲ እንተኮይኖም ቫት ዝተመዝገብኩምሉ ሰርተፊኬትን ናይዚ ወርሒ ዲክለር ዝገበርክሙሉ መረዳእታ ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ዘቅርብ።

4. መኽበሪ ጨረታ ብር 10,000(ዓሰርተ ሽሕ)ሲፒኦ ሕጋውነቱ ካብ ዝተረጋገፀ ባንኪ ናብ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ምስቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ከእቲ ዝኾእል።

5. ጨረታ ዝጋወሐሉ ዕለት 22/09/2017 ዓ/ም ኮይኑ ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 06/10/2017ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ንጉሆ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4፡30 ንጉሆ ባዕሎም/ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዘለውሉ ኣብ ማሕበር መናእሰይ ትግራይ ይኽፈት።

6. ተጫራታይ ሰነድ ጨረታ ንዝርዝር ኣፈፃፅማ እቲ ገምጋምን ካብ ማሕበር መናእሰይ ትግራይ ቢሮ ቑፅሪ 05 ፋ/ምም/ዳርን ብር 50 እናኸፈልኩም ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ከምእትኽእሉ እናገለፅና ካብ ሎሚ ዕለት 22/09/2017 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 06/10/2017 ዓ/ም ሸም፣ ኣድራሻ፣ፊርማ፣ማህተም ብምግባር ብዝተዓሸገ ፖስታ ነዚ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ኣታዊ ይገብር።

7. ተጫራቲ ሳዓራይ ምኟኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ኣለዎ።

8. ተጫራቲ ውዕሊ ምስ ኣሰረ ዝሰዓሮም ንብረታት ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት ናብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማመት ኣታዊ ይገብር።

9. ኣብዚ ጨረታ ከጭበርብር ዝሞከረ ነጋዳይ ካብ ጨረታ ወፃኢ ከም ዝከውን ንጨረታ መክበሪ ዘትሕዞ ገንዘብ ናብ ማሕበር መናእሰይ ካዝና ኣታዊ ይኸውን ።

10. ኣሸናፊ(ሳዓራይ)ዝኮነ ነጋዳይ 2% ዊዝ ሆልዲንግ ይኸፍል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11. መ/ቤትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

12. ኣድራሻና ኣብ 03 ቀበሌ ዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር መናእሰይ ትግራይ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቑ.ስ.0914269079 ደዊልካ ምሕታት ይካኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle